# ባንደራይ።

ባንደራይ ኣርማ ናይ ህዝቢ ሃገር፡
ትርጉምኪ ረዚን ብማንም ዘይድፈር፡

ሓላል ኣርማ ሃገርና፡
ዝተኸፍላ ደም ስዉኣትና፡
መዕቆቢት ህዝቢ ዓባይ ጽላልና፡
ኣብ ዓለም መለለይት መንነትና።

ምርጽቲ ወካሊት ንኹሉ፡
ሕብርኺ ዜጋኺ ዝኾርዓሉ፡
ዓሙቕ ትርጉም ኣለዎ ንዘስተውዓለሉ፡
ምእንታኺ እንድዩ ሂወት ተኸፊሉ።

ዓያሹ ድኣ እንታይከ ክብሉ፡
ባንደራ ጨርቂ'ያ ኢሎም ዘቃጽሉ፡
ንዑኦም እንታይ ትብጽሖም ይኾኑ ደቓሉ፡
ወይ'ውን ከይተጸምቁ ዝሓተሉ።

ባንደራስ ኣለዋ ከቢድ ሕድሪ፡
ንዝሓለፈ ታሪኽ ዘካሪ፡
ንዝመጽእ ጉዕዞ ሓባሪ፡
ኣሎና ኣጆኺ ቅንዒ ኣይትጠራጠሪ።

ኣይኮንክን ናይ ውልቀ ሰብ ወይ ጉጅለ፡
እንታውነትና ባኣኺ እንድዩ ዝልለ፡
ኩሉ ዘኽብረኪ ህጻን ይኹን ሽማግለ፡
ኣባይና ንዓኺ ጸሊኡ ካባና ይፈለ።

ንዓኺ ዝጸልእ ዕሩቕ ዝባኑ፡
ኣይ ሕሙም እይጥዑይ ዘጥፍኤ መሃነኑ፡
ክሓፍር'ዩ ኣይተርፎን ምኻዱ ደኒኑ፡
ኣንበልብሊ ኣለዉ ክብረትኪ ዝሕልዉ ጀጋኑ።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና።
ዓወት ንሓፋሽ።
ገብረንጉስ መስመር።